*መንፈሳዊ ኣጽዋር ውግእ*

## 4. ዋልታ እምነት

"*ነቲ ክፉእ ፍላጻታት እተጥፍእሉ ዋልታ እምነት ኣልዕሉ* ..." *ኤፌ* 6፥16
እቲ ውግእ ፍላጻታት ብምውርዋር ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ዋልታ እቲ ንብዘሎ ኣካል ናይቲ ተዋጋኢ ዝከላኸል ኣጽዋር ምንባሩ ርዱእ እዩ። ብመጠን ዕቤትን ብቕዓትን ናይቲ ዋልታ ኸኣ ነቲ ዝውርወረልካ ፍላጻታት ኲናት ክትምክቶ ትኽእል። ዝኾነ ይኹን ብክርስቶስ ኣሚኑ ሓዲሽ ህይወት ዝረኸበ ሰብ ከ... ነቲ ብሰይጣን ዝውርወረሉ ክፉእን ተስፋ ዘቑርጽን ኩነታት፡ በታ ነቲ ዘይርአ ዝርእየላ ኣጽዋር ማለት እምነት ጌሩ የፍሽሎ። ነቲ መንፈሳዊ ነገራት ትርድኣላ፡ ምስ ኣምላኽ ትራኸበላ እንኮ መሳልል ድማ እምነት እያ። እቲ ኣቦ ሓሶት ዝኾነ ድያብሎስ ክወቕዖ ዝደሊ ቀንዲ ሽቶ ኸኣ እምነት ናይ ክርስትያን ምጥፋእ እዩ። ስለዚ ድማ ጐይታ ኢየሱስ "ንጴጥሮስ ሰይጣን ከምስርናይ ክሓሕየኩም ተመነየ፡ ኣነ ግና እምነትካ ከይትጠፍእ ስሌኻ ጸለኹ" ይብሎ። እዛ ህያው እምነት ቃል ክርስቶስ ብምስማዕ ትርከብ እምበር ከም ባህሊ ወይውን ብልምዲ ትውረስ ልምምድ ኣይኮነትን። ብቓል ኣምላኽን ብጸሎትን እንዳዓበየት፡ ብሰናይ ግብሪ እንዳተሰነየት ምስትግለጽ ጥራይ ድማ ኢያ ህያው እምነት ትኸውን። (*ሮሜ* 10፥17, *እብ* 11፥1-6, *ያዕ* 2፥14-26)።
እምበኣር እዛ ብጸጋ ኣምላኽ ናይ ዘልኣለም ህይወት ንረኽበላ እምነት እያ፡ ከምታ ኣብ ልዕሊ ማዕበል ዝመልኦ ባሕሪ ጸብለል ትብል መርከብ፡ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ጽንኩር ፈተናታት ህይወት ብክርስቶስ ብህወት ተመላሊሰና። ድያብሎስ ብደኻም ስጋና ተጠቒሙ፡ ረዳኢ ከምዘይብልና ኣምሲሉ ንኽባቢና ከጸልምቶ ኸሎ፡ እግዚኣብሄር ረዳኢ̣የይ ኢዩሞ እንታይ ከይከውን፡ ኣምላኽ ምሳይ ካብ ኮነ መንዩ ዝቃወመኒ፡ እንዳበልና ልዕሊ ማዕበል ፍርሃትን ጭንቀትን ብትብዓት ክንመላለስ ተብቅዓና ኣጽዋር ድማ እምነት እያ። ክርስቶስ ዝጸውዓናን ዝሓረየናን ብእምነት እምበር ብምርኣይ ክንነብር ኣይኮነን። ስለዚ ሎሚ ብእምነት እንተሊና ርእስና ንመርምር እሞ፡ ነዛ ዋልታ ድሕነትና ዝኾነት ኣጽዋር ለቢስና ደው ንበል። ኣብዚ እዋን እዚ ብዙሕ ዝኸብደና እሞ፡ ብምጥርጣርና ብጐይታ ኣቱም ጉዱላት እምነት፡ እንተትኣምኑስ ክብሪ ኣምላኽ ምረኣኹም፡ ንበሃለሉ ዘሎና ነገራት ኩሉ ሒዝና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንቕረብ። ክርስቶስ ከኣ ኩናትውን እንተዝለዓለኒ እምነት ኣሎኒ እንዳበልና፡ ሰናይ ገድሊ እምነት ክንጋደል ከብቅዓና እሙንን ጻድቕን እዩ። (*መዝ* 27፥3, *ዮሃ* 11፥40, *ሮሜ* 8፥30-39, 2 *ቆረ* 5፥7, *እብ* 13፥6)።